Project: **DROUGHT RESILIENCE AND SUSTAINABLE LIVELIHOOD PROGRAM (DRSLP V) - ERITREA PROGRAM**

Contract title: **SUPPLY OF Multivitamins & Amino acids, doxycycline and amprolium**

Country: ERITREA

Grant No.: **5900155016104/2100155040575**

Procurement Method: OPEN **COMPETITIVE BIDDING (NATIONAL)**

OCBI / LCB No: **06.2/01/ OCBN/AfDB-DRSLP V/AED/YT/26**

Issued on: **November 2026**

1. The Ministry of Agriculture of the State of Eritrea has received financing from the African Development Bank Group hereinafter called the Bank toward the cost of DROUGHT RESILIENCE AND SUSTAINABLE LIVELIHOOD PROGRAM (DRSLP V) - ERITREA and intends to apply part of the proceeds toward payments under the contract for the Supply of **multivitamins & Amino acids, doxycycline and amprolium**.
2. The Ministry of Agriculture of the State of Eritrea now invites sealed Bids from eligible Bidders for the Supply of multivitamins & Amino acids, doxycycline and amprolium
3. Bidding will be conducted through the Open Competitive Bidding (National), (OCBN) method as specified in the Bank's Procurement Framework dated October, 2015 and is open to all eligible bidders as defined in the Procurement Framework.
4. Interested eligible Bidders may obtain further information from Ministry of Agriculture of the State of Eritrea, Yacob Tesfom, **yacobtesfom@gmail.com** and inspect the bidding document during office hours i.e., 08:00 to 15:00 hours at the address given below.
5. The bidding document in English may be received by interested eligible Bidders upon the submission of a written application to the address below.
6. Bids must be delivered to the address below on or before **10:30 a.m.** local time on **15 Dec 2026**. Electronic Bidding **will not** be permitted. Late Bids will be rejected. Bids will be publicly opened in the presence of the Bidders' designated representatives and anyone who chooses to attend at the address below on **11:00 a.m.** local time on **15 Dec 2026.**
7. All Bids must be accompanied by a Bid Security of **USD 300.00 or its equivalent in easily convertible currency**
8. The address (es) referred to above is (are): Ministry of Agriculture of the State of Eritrea
   Yacob Tesfom
   Head Office, Gejeret, Sawa Street,
   P.O. Box 1048,
   Tel. 002911189266/002911180699,
   Asmara, Eritrea
   Email: **yacobtesfom@gmail.com**.

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረአምላኽ- ሳምራዊት ሞለስ

ASMARA MINING SHARE COMPANY
Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688
Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

VACANCY ANNOUNCEMENT

Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position.

IT Supervisor
Number required – (01)
Type of contract – Indefinite

Major Duties and responsibilities

- The IT Supervisor plays a critical role in managing, maintaining, and securing information technology and operational technology (OT) infrastructure within a mining facility.
- This includes overseeing both surface and underground networks, communications, enterprise systems, and local IT support teams to ensure seamless, secure, and efficient mining operations.
- Given the remote nature of mining sites, this role requires strong leadership, robust troubleshooting capabilities, and close collaboration with operational and engineering departments.

TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA

Infrastructure & Network Management

- Oversee the installation, configuration, and maintenance of local area networks (LAN), wide area networks (WAN), wireless networks, and satellite/ microwave communication links.
- Ensure high availability and reliability of mission-critical systems across both surface facilities and underground mining environments.
- Manage server rooms, data centers, hardware inventory, and network peripherals.

IT & OT (Operational Technology) Integration

- Collaborate with automation and engineering teams to support specialized mining systems, such as Fleet Management Systems (FMS), high-precision GPS machine guidance, telemetry, and SCADA/PLC systems.
- Troubleshoot interface issues between enterprise IT systems and operational machinery.

Team Leadership & Support

- Supervise, mentor, and evaluate on-site IT technicians and helpdesk support staff.
- Manage the IT support ticketing system, ensuring timely resolution of hardware, software, and network issues for staff on rotation or site.
- Coordinate with external vendors, contractors, and service-level agreements (SLAs) for specialized equipment and software maintenance.

Cybersecurity & Data Compliance

- Implement and enforce corporate cybersecurity policies, firewall rules, and data backup procedures tailored to remote industrial environments.
- Monitor network traffic for security anomalies and ensure compliance with regulatory standards and company data governance policies.
- Project Management & Budgeting
- Assist the IT Manager in planning and executing IT capital projects, network upgrades, and hardware refreshes.
- Help manage local IT operational budgets, equipment procurement, and vendor invoicing.

Profile: Qualifications and Experience

Formal Education, Certifications or Equivalents	• Bachelor's degree in information technology, Computer Science, Computer Engineering, or a related field.
Working Experience – Nature & Length	• 5+ years of progressive IT experience, with at least 2–3 years in a supervisory or senior technical role. • Prior experience working in mining, oil and gas, manufacturing, or heavy industrial sectors is strongly preferred • Strong networking background (Cisco/Aruba certifications like CCNA/CCNP are a plus). • Familiarity with remote communications (VSAT, microwave links, mesh networks). • Experience with virtualization (VMware, Hyper-V), Windows/Linux server administration, and cloud/hybrid infrastructures. • Understanding of industrial control systems (ICS), SCADA, or mining automation software is a distinct advantage.
Technical Skills	• Exceptional problem-solving abilities under pressure, strong leadership and communication skills, and the ability to work effectively in cross-functional teams.
Behavioral Skills	• Typically based at a remote mine site, often operating on a rotational fly-in, fly-out (FIFO) schedule or residential roster. • Physical Requirements: Ability to travel across surface and underground operations, wear required Personal Protective Equipment (PPE), and occasionally lift heavy equipment (up to 23 kg / 50 lbs). • Must be available for on-call support to handle critical IT emergencies outside of standard working hours.

General Information and other requirements:

- **Place of Work**: AMSC Sites
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

Additional requirements for Nationals:

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to:**
  Asmara Mining Share Company,
  P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  Mineral Resources Management
  P.O. Box – 272
  Asmara
- **Note to Eritrean applicants:**
  Please send a copy of your application to
  Aliens Employment Permit Affairs,
  P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea

ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብረኤል

ሓምሻይ ክፋል

> *“ህያታ፡ ውሽጣዊ ሰላም፡ ቅንዕና፡ ፍቕሪ፡ ጽቡቕ ባህሪ፡ ጥዕና፡ ክብረት፡ ሞራል፡ ተኣማንነት፡ ትሕትና፡ ... እተዮም ብገንዘብ ዘይሽመቱ እዮም።”* - **ሮይ ቤነት**
>
> *“ወትሩ ቅኑዕ ነገር ስራሕ። ንፍርቂ ካብ ደቂ ሰብ ከተሐጉስ እኽለካ ኑዩም ዝተረፉ ከተደንጽዎም ኢኻ።”* - **ማርክ ትዌይን**

ገስጋስን ተወፋይነትን

ክብርታት ውልቃውያን እምነትታት እዮም። ንሶም በዚ ኢልና በቲ ንኽንጽርሖ ከኣ ይድርኹና። ሰባዊ ባህሪ ንኽንምዕብል ዝሕግዙና፡ ባህርያትና ምኳኖም ከኑ ክንዘንግዖ ኣይግባእን። ምእንቲዚ፡ ንባህርያትና ብዕቱብ ንሓዞም።

ክብርታት ቀወምቲ ኣይኮኑን። ካብ ውልቀ ሰብ ናብ ውልቀ ሰብ፡ ካብ ባህሊ ናብ ባህሊ ከምኡ እውን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ይፈላለዩ። ዋላ እኳ ክብርታት ምስ ግዜ ርጉእ ዝብሉ እንተ መሰሉ፡ ኣብ ዕለታዊ ህይወት ክትምርሽ እንከለኻ ምልዋጦም ኣይተርፍን እዩ።

ብዙሓት ሰባት፡ “ንኽብርታተይ ብሽመይ እየ ኣማዕብለዮም?” ዝብል ሕቶ የልዕሉ እዮም። ቀልጢፎም መልሲ ስለ ዘይረኽቡሉ ከኣ ገሊኦም ክሰብ ናብ ጭንቀት ዝወድቑ ኣለው። ንምንጪ ክብርታትካ ክትፈልጦ እንተ ዘይክኢልካ፡ ንገስጋስ ክብርታትካ እውን ክትፈልጦ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ንኽብሪኻ ኣሎ ጽቡቕ ገይርካ ኣስተብህሎ ወይ ኣቕልበሉ። ሰባት ብሽመይ እየም ንሓድሕዶም ዝረኣኣዩ፧ ብሽመይ እየምከ ዝሰርሑ፧ ኣገልግሎት ብሽመይ እየም ዝረኽቡ፧

እንታይ ከም ዘሕርቐካን እንታይ ጽቡቕ ከም ዝሰምዓካ ከም ዘሐብረካን ከተለሊ ኣሎካ። እንተ ኽኢልካ ኑዩም ዝርዝራት ኣብ ወረቐት ምስፋርም ጽቡቕ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ እቶም ዝርዝራት ንሽካ ንኣየኖት ጉዳያት ዚያዳ ክብሪ ከም እትህብ ንጹር ስእሊ ክህቡኻ ይኽእሉ እዮም።

ኑዩም እተድንቖምን እተኽብሮምን ሰባት ኣለልዮም። ስለምንታይ ከም እተኽብሮምን እተድንቖምን ምስ ገጽ ርእሰኻ ተመያየጥ። ኑዩም ክብርታትካ ብዝርዝር ምስ ጽሓፍካዮም፡ እቶም ዚያዳ ንዓኻ ልብኻ ዝትንክፉኻ ኣየኖም ምኳኖም ምፍላጥ እውን ናቱ ረብሓ ኣለዎ።

ኣብ ህይወትካ ስራሕካ እምነት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እምነት ክበሃል እንከሎ ከም ሓቂ እትቕበሎ ነገር ማለት እዩ። ንሓደ ነገር ኣብ ጭብጢ ተመስሪትካ ክትኣምኖ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ርእይቶ ወይ ይኸውን ኢልካ ብምሕሳብ (assumption) እውን ክትኣምኖ ትኽእል።

ብዙሕ ገለ ጉዳይ ቀጥታዊ ዝኾነ ውልቃዊ ኣፍልጦ ዘይክህልወካ ይኽእል እዩ። የግዳስ ኣብ እቲ ጉዳይ እምነት ክህልወካ እንከሎ ዝፈጥረልካ ዕግበት፡ ብቓላት ምግላጽ ክሰብ ክእግመካ ይኽእል እዩ። ስርዓት እምነትካ ግድን ኣይኮነን ቅኑዕ ወይ ልክዕ ክኸውን።

እምነትካ መብዛሕትኡ ግዜ ብርእይቶታትን ቅድመ-ፍርድታትን ካልኦት ሰባት ምሑር ስለ ዝጸሎ፡ ምእንቲ እምነትታትካ ናብ እቲ ቅኑዕ ኣንፈት ይመርሑኻ ምህላዎም ከተረጋግጽ፡ ንእምነትታትካ ቀጻሊ ክትሐድሶምን ክትብደሆምን እምብዛ ኣገዳሲ እዩ።

ንተመኩሮታት እቶም ንስርዓት እምነትካ ዝፈጠሩ፡ ብፍላይ ከኣ ኑዩም ኣሉታውያን ሸነኻት ዳግማይ ምምርማርን ዳግማይ ምግላጾን ኣብ ምልዋጥ እምነትታትካ ልዑል ግደ ኣለዎም። እዞም ዝስዕቡ ሕቶታት፡ ኣብ ምምርማር እምነትታትካ ክሕግዙኻ ይኽእሉ እዮም፡

- እዚ እምነትይ ካበይ እዩ መጺኡ፧
- እዚ ናተይ እምነት ደዩ ዋላስ ካብ ካልእ ሰብ ዝረዓምክዎ እዩ፧
- እዚ እምነት ብሽመይ እዩ ሓጊዙኒ፧
- እዚ እምነት ብሽመይ እዩ ዓንቲጹኒ፧
- እዚ እምነት ቅኑዕ ምኳኑ ብሽመይ ክፈልጥ እኽእል፧
- ሓደሽቲ እተመሓየሹ እምነትየ እንታይ እዩ፧

ሞራል ወይ ስነምግባር ውልቃውያን ሕጋጋት፡ መትከላት ወይ መለክዒታት ናይ ባህርያት እዮም። ኣብኦም ተመርኲስና ደማ፡ ቅኑዕ ወይ ጌጋ ባህርያት ኢልና ክንፍርዶም ንኽእል።

ሞራል ንዕለታዊ ምርጫታት ዝመርሕ እዩ። ካብ ህዝቢ ናብ ህዝቢ ከምኡ እውን ካብ ባህሊ ናብ ባህሊ ደማ ክፈላለ ይኽእል። ሞራል ብሕጊ ዝመሓደር ኣይኮነን። የግዳስ ወሽጣውያን ስርዓታት ኣካይዳ (codes of conduct) ከም ዘለዎ ክዝከር ኣገዳሲ እዩ።



ብዙሓት ሊቃውንቲ ኣብ ጉዳይ ሞራል ዓሚቚ ምርምር ኣካይዶም እዮም። ሓንቲ ካብኣቶም ኣና ፒተርሰን ትብሃል። ጉዳይ ሞራል ምስ ምንፍፋል ሃብቲ፡ ኣጠቓቕማ መሬት፡ ኣጠቓቕማ ባህርያዊ ጸጋታት ከምኡ እውን ዕዮን ፖሊሲ ሸቕለትን ኣተኣሳሲራ፡ “Everyday Ethics and Social Change” ዝርእስታ ብልጽቲ መጽሓፍ ከተሕትም በቒዓ እያ።

ንሞራልካ ወይ ስነምግባርካ ኣብ ምምርማርን ምምዕባልን ዝሕግዙኻ ገለ ሕቶታት ንምጥቃስ፥

- ንኻልኦት ሰባት ብሽመይ ኢኻ እትሕዞም፧ ከም እቲ ንሳቶም ዝሕዙኻ ገይርካ ዲኻ እትሕዞም ዋላስ ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነት ብሓልዮትን ኣኽብሮትን ኢኻ እትሕዞም፧
- ብዛዕባ ገንዘብ እንታይ ኢኻ እትሓስብ፧ ነቲ ዝረኸብካዮ ገንዘብ ትጥቀመሉ ዲኻ ዋላስ ንሕማቕ እዋን ተዋህሉሎ ኣለኻ፧
- ቅንዕና እቲ ዝበለጸ ፖሊሲ ደዩ ዋላስ ጸዕዳ ሓሶት ቅቡል እዩ፧
- ጌጋኻ ክትቕበል ፍቓደኛ ዲኻ፧
- ንስራሕካ ብእኡ ንበኡ ከተሳልጦ ዲኻ እትደሊ ዋላስ ምውንዛፍ እዩ ዝሰልጠካ፧
- ንድኻታት፡ ሽማግለታት፡ ተናበይቲ ጉድና፡ ... መን ክሕግዞም ዘለዎ ይመስለካ፧
- ክብሪ ብናጻ ክወሃብ ደዩ ዘለዎ ዋላስ ክሰርሓሉ እዩ ዘለዎ፧
- ዋላ ካልእ ሰብ ይጕዳእ፡ ቅኑዕ ምስክርነት ዲኻ ክትህብ ዘለካ፧
- ይቕረ ክትብል ኣለካዶ፧ ይቕረ ተብል እንተ ኾንካ፡ ንገጽ ርእስኻ ዲኻ ዋላስ ንኻልኦት ሰባት ኢኻ ይቕረ እትብል፧

ገስጋስን ለውጥን

ገስጋስ ካብ ለውጢ ጥራይ እተፈልየ እዩ። ሓደ ሕሙም ክብደት ስለ ዝወሰኸ ጥራይ ኣብ ጥዕንኡ ገስጋስ ገይሩ ክበሃል ኣይክእልን እዩ። ለውጢ ናብ ገስጋስ ዝምዕብል፡ ካብ እቲ ዝነበረ ኩነታት ኩሉ መዳያዊ ምምሕያሽ ምስ ዝዕበር እዩ።

ሓደ መሃንድስ ብዕድል ለውጢ ብምምጻእ ዝበለጸ ንድፊ ከውጽእ ስለ ዘኽኣለ፡ ገስጋስ ገይሩ ክበሃል ኣይክእልን። ብተኸታታሊ ለውጢ እናገበርካ ናብ ዝበለጸ ደረጃ ክትበጽሕ እንከለኻ፡ ገስጋስ ከም ዝገበርካ ክትገልጽ ትኽእል ኢኻ። እቲ ቐንዲ ቀሚሙ፡ እቲ ናይ መወዳእታ ኩነት ካብ እቲ መበገሲ ኩነት ዝበለጸ ክኸውን እንከሎ እዩ።


ገስጋስ ማለት ለውጢ ናብ ዝበለጸ ወይ ናብ ዝሓሸ እዩ። ኣብ ዝሓለፉ ዘመናት፡ ገስጋስ ከም መስርሕ ናይ ስልጣኔ (civilization) እዩ ዝርአ ነይሩ። ሎሚ ስልጣኔ ዝብል ቃል ንባዕሉ ክለሽ ኮይኑ እዩ።

ኣብ እዚ ግዜ እዚ፡ “ንሕና ካብ ዓዲ እገለ ንላዕሊ ስልጡናት ኢና።” ምባል ዘሽርዕ ኣይኮነን። “ካብ ኣቦሓጎታትና ንላዕሊ ስልጡናት ኢና።” ምባል እውን ተመሊሱ ናብ ትዕዝብቲ እዩ ዘውድቐና።

ስልጣኔ ዝብል ቃል፡ ንደረጃ ዕብየት ሕብረተሰብ ዘገልጽ ምኳኑ ዝጠዓሐ ሰብ ዝሰማምዓሉ እዩ። ኣብ እዚ ግዜ እዚ፡ ስልጣኔ እትብል ቃል ብገስጋስ እትትካእ ዘላ ኢያ እትመስል።

ገስጋስ ንወሰኑን ዓውዲ ጥራይ እዩ ዝውከል። ንኣብነት፡ ቴክኖሎጂ፡ ቁጠባ፡ ሕክምና ወይ ፖለቲካ ዝምልከት ክኸውን ይኽእል። ኣብ ሓደ ወይ ሓደት መዳይ ናይ ሕብረተሰብ ንዝኸሰተ ገስጋስ ክፋላዊ ክንብሎ ንኽእል ኢና።

እቲ ገስጋስ ኣብ ኩሉ ወይ ኣብ መብዛሕትኡ እንተ ተኸሲቱ ግዱ ‘ኣጠቓላሊ’ (comprehensive) ይበሃል። ኣብ ቀደም ዘመን ስልጡን ባዕሉ ናብ መላእ ዓለም ከም ዝልሕም ይግመት ነይሩ። ገስጋስ ከኣ ከም ዝተፈላለዩ ደረጃታት ዘለዎም ኣድማዓዊ መስርሕ ይቝጸር ነይሩ። ገለ ሃገራትን ባህልታትን ካብ ካልኦት ሃገራትን ባህልታትን ዝማዕበሉ ነይሮም። እቲ ፍጥነት ምዕባለ ብሳላ ውሽጣውያንን ግዳማውያንን ረቛሒታት እዩ ዝኸሰት ነይሩ።



እንተ ሎሚ፡ እቶም ገስጋስ ከም ዘመዝጉ ዘለዉ ዝኣምኑ፡ ገስጋስ ኣድማዓዊ ክኸውን እዩ ንዝብል ሓሳብ ይጠራጠርዎ ኣለዉ። ገስጋስ ኣብ ገለ ክፋል ዓለም እናማዕበለ፡ ኣብ ካልእ ክፋል ዓለም ዘይክርእ ይኽእል እዩ በሃልቲ ምሁራት ውሑዳት ኣይኮኑን። ከም ርድኢቶም፡ ገስጋስ ወትሩ ወሽጣዊ እዩ።

ዋላ እኳ ብዙሓት ሰባት ኣብ ቁጠባውን ቴክኖሎጂያውን መዳያት ገስጋስ ከም ዘሎ ዝኣምኑ እንተኾኑ፡ ኣብ ሞራላዊ መዳይ ገስጋስ ከም ዝምዝገብ ዘሎ ኣይኣምኑን እዮም።

ገስጋስ ኣብ ኩሉ መዳይ ኣገዳሲ እዩ። ገስጋስ ሞራል ወይ ስነ ምግባር እንተ ዘይተሓዊሱዎ ግዱ ዳርጋ ብላሽ እዩ ክበሃል ይከኣል። ገስጋስ ሞራል ከኑ ብኻላ ማለ ክርአ ዘይብሉ እዩ። የግዳስ ገለ ሰባት ብልክዕ እንታይ ምኳኑ ብዘይጸኣ ኣይርድኦምን ኣለዉ።

እቲ ትርጉም ካብ ሃገር ናብ ሃገር ስለ ዝፈላለ እውን ብዘይጽኣ ንኽትርድኦ ከጸግመካ ባህርያዊ እዩ። ንኣብነት ገለ ኣመራጻውያን ንገስጋስ ሞራል ምስ ምውጋድ ጊላነት፡ ምስ መሰል ወይ ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ፡ ምስ ምንካይ ዓሌታውነት፡ ... ዘተኣሳስርዎ ኣለዉ።

የግዳስ ዝም ጉዳያት ንሓድሕዶም ዘተኣሳስርዎም እንታይ እዩ? ንኸሎም ሞራላውያን ገስጋስ ዘብሎም እንታይ እዩ? ንገስጋስ ልክዕ ክኽሰት እንከሎ ክለልዮ ንኽእልዶ? ዋላስ ንድሕሪት ተመሊስና ከጸንዖ እንከለና ጥራይ ኢና እንፈልጦ?

እዚኦም እምብዛ ኣገደስቲ ሕቶታት እዮም። ብፍላይ ብማሕበራዊ ኩርናዕ ክንጥምቶም እንከለና፡ ኣገዳስነቶም በርኺዉ ኢሉ ክረኣና ይኽእል። ብውልቃዊ መዳይ ከኣ ኣገዳስነቱ ዕዙዝ እዩ። እቲ ምንታይሲ፡ ኣብ እቲ ቅኑዕ ወገን ናይ ታሪኽ ክንከውን ስለ እንደሊ። ምስ መድሓርሓርቲ፡ ዓቃባውያን፡ ዓመጽቲ ... ክጽብጸብ ዝደሊ ሰብ እንተ ሃሊዩ እቲ ዝውሓደ እዩ ክኸውን ዝኽእል።

የግዳስ ንሞራላዊ ገስጋስ ኣፍኻ መሊእካ ክትዛረበሉ ወይ ብሽመይ ከም ዝምንጩ ክትትንትኖ ቀሊል ኣይኮነን። ፈላስፋታትን ማሕበራውያን ስነ ፍልጠታውያንን ነዚ ኣርእስቲ ንዊሕ ዓመታት ክጽንዕዎ ፈቲኖም እዮም። የግዳስ ኣብ ኣተረጓጕማኡ ይኹን ካበይካ ይምንጩ ኣብ ዝብሉ መዳያት ምሉእ ብምሉእ ክሰማምዑ ኣይክኣሉን።

ብዙሓት ሊቃውንቲ ከም ብዓል ሃኖ ሰወይር፡ ቻርሊ ብላንደን፡ ሰሰል ኤሬክሰን፡ ፖውል ሬዝረን ... ዝበርክትም መጽናዕትታት ብዛዕባ ሞራላዊ ገስጋስ ዝሓሸ ርድኢት ንኽህልወና ሓጊዞምና እዮም።

ብመሰረት እቶም ሊቃውንቲ ክልተ ዓይነታት ትርጉማት ገስጋስ ሞራል እዮም ዘለዉ። ንሳቶም ከኣ ጸቢብን ሰፊሕን ይበሃሉ። ንሞራላዊ ተባሂሉ ለውጢ፡ ‘ሰፊሕ’ ክበሃል እንከሎ፡ ንወሰኑን ሞራላዊ ተባሂሉ ለውጢ ግና ‘ጸቢብ’ ይብልዎ።

ኣብ ዓለም ዘኸኑ ለውጢ፡ ሞራላዊ ዝተመሓየሸ ወጽኢት ዘምጽእ እንተ ኾይኑ፡ እቲ ለውጢ ብኸመይ መጺኡ ብዘየገድስ፡ ሰፊሕ ሞራላዊ ገስጋስ ክበሃል ይክኣል እዩ። ንኣብነት፡ ኣብ ሓንቲ ሃገር ምስ ግዜ ገበን ቅትለት ደቂ ሰብ እንተ ደኣ ጎዲሉ፡ ብመሰረት እዚ ሰፊሕ ርድኢት ከም ሞራላዊ ገስጋስ ክውሰድ ይኽእል እዩ። ዋላ እቲ ወጽኢት ብሞራላዊ ርድኢት ዘይኮነ ብቐጠባዊ ገስጋስ ዝተመዝገበ እንተ ኾነ፡ ብመሰረት እዚ ዓይነት ኣተረጓጕማ ከም ሞራላዊ ገስጋስ እዩ ዝውሰድ።

ብመንጽር ጸቢብ ሞራላዊ ገስጋስ ግዱ እቲ ትርጉም ፍልይ ዝበለ እዩ። እዚ ሰባት ብሽመይ ብዛዕባ ሞራላዊ ኩነታት ወይ ተግባራት ኣብ ሞራላዊ እተመሓየሸ ወጽኢት ደርደኡ ወይ ይገልጹ እዩ። ንኣብነት፡ ምስ ንውሓት ግዜ ምንካይ ገበን ቅትለት ሰብ ብኸቕሓት ሰባት ዝመጽአ ክኸውን ይኽእል እዩ።

> *“መቕጸዕቲ ንዝምደናን ሞራላዊ ዕብየትን ይበሕጎግ።”* - **ኣልፊ ኮን**
>
> *“ክብሪ ንገጽ ርእስና ንሞራልና ይመርሖ፡ ክብሪ ንኻልኦት ሰባት ንባህርና ይመርሖ።”* - **ሎረንስ ስተርን**

ይቕጽል

ዳያሪ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ
surafealtesfabruk@gmail.com

10 ሕዳር
ኣስመራ - 08 : 00 ድ.ቐ. -

ንነልያድ ብነልያድ



ካብታ ሕቶ መርዓ ዝገበርኩላ መዓልቲ፡ እንታይ ምኽኑ መንፈሰይ ረዚኑ ኣሎ። ካብ ባጽዕ ካብ እንምለስ ወርሕና ኩይኑ። ፍቕረይ'ውን ብተመሳሳሊ ጽቡቕ የላን። ካብ ባጽዕ ምልስ ምስ በልና ኣብ ሰሙንና ኢና ብኣካል ተራኺብና። እቲ ንቡር ዕላልና ግን ኣይነበረን። ኣካልና እምበር ሓሳብናስ ኣበይ ኣበይ ነይሩ ኣይፈልጥን። ሰቕታና ዓውዓው ክብል ኣምሲዩ። ናባይ ነዊሕ ጠሚታ፡ ገጻ ናብ ካልእ እናጠመተት ኣእዳዋ ናብ ኣዒንታ ገጻ ምስ ኣበሉ፡ ትነብዕ ከይትነብር ኢደይ ሰዲደ ማዓጉርታ ፈተሸኩ። ቀዲማ ኢደይ ክትሕዚ'ኳ እንተ ፈተነት፡ ድሮ ንብዓታ ኣእዳወይ ኣጠልቀዩዎ'ዩ። ንብዓታ ደሪዙ ግንባራ ብምስዓም ሓቑፍኩዋ። ክሓቑፉ እንከለኹ፡ 'ነቲ ኣባይ ዝለምለመ ሸነኻ ጥራይ ድየ ዝሓቑፍ ዘለኹ፧' 'እቲ ዝደረቐ ሸነኸይ ገዲፈ ድየ ዝሓቑፉ ዘለኹ፧' ኢለ ንነብሰይ ክሓታ ድንዕ ኢለ። ሰቕ ኢሉ ከምኡ መጺኡኒ እምበር ጉደሎ ምሕቋፍ የለን። ብመሰረቱ፡ ኣብ ኮሉ ጉዕዞይ ወይ ባዶ ወይ ሚእቲ ዝብል መሪሕ ጭርሖ ሒዘ'የ ክንዓዝ ጸኒሐ። ፍርቂ ምፍታው፡ ፍርቂ ምፍቃር፡ ምርቂ ምልዋህ፡ ፍርቂ ምጭካን፡ ፍርቂ ምጽላእ፡ ፍርቂ ዕርክነት፡ ፍርቂ ምሕዝነት፡ ፍርቂ ብጻይነት ... ዝብሃል የብለይን። ጻዕዳን ጸሊምን፡ ብሱሉን ጥረን በስ። ኣብ ኮሉ ሚእቲ ምህላዉ ከየረጋገጽኩ ኣይፈቱ ኣይጸልእ፡ ኣይሓቑፍ ኣይእፈፍ።

ሕጂ ክሓቑፉ እንከለኹ፡ ብዙሕ ሓሲቡ፡ 'ሰቕታይ ድዩ ዘንብዓ፡ ከም ዘፍቅራን ኮሉ ሳዕ ኣብ ጉድና ከም ዘለኹ እናፈለጠት'ሞ እንታይ ኩይና ዘይትቕስን፧ "ጐዲኣዮ ኣለኹ፡" ኢላ ድያ ትነብዕ፡ ንኾሉ ጽቡቓን ሕማቓን፡ ከምቲ ሕመቐይን ጽቡቐይን፡ ተቐቢለ እዚ ጉዕዞ ከም ዝፈለምኩዎዶ ኣይትፈልጥን ኩይና'ያ፧ እሞ መወዳእታኡ ሓልዮተይ እምበር ፍቕረይ ከም ዘይብላዶ ተወሰዊጡዋ'ሞ ነቢዓዶ ትኸውን፡ ካብ ሞት ንዘይሓልፍ ሕማም ብእዋኑ እቲ ውሽጣ ዘሎ ክትብለኒ እንታይ ይእግማ፧ መግለጺ ሓልዮታ ካብ ተወሳኺ ሰቓይ ምድሓንዶ ኣይኩነን ክጠቅም፧ ወይ እቲ ዝቐሰለ ክፋል ልባ ካብቲ ፍቕረይ ዘቐመጠትሉ ሰለ ዝዓቢ'ዩ፧' ... መቸም መጨበጢ ዘይነበሮ ሓሳባት ጥራይ'ዩ።

ኢደይ ካብ ገጻ ሰሒቡ ብምስዓም ናብ ኣፍልባ ኣጥብቐ ኣቢላ፡ ኣብ ሕኞፎይ ክትሰተ ደለየት። እቲ ኣብ መንጎና ዝነበረ መደገፊ ኢድ ናይቲ ኮፍ ኢልናሉ ዝነበርና ሳሎን ዓገታ። ርእሳ ኣብ መንኮበይ ደጊፋ ደጋጊማ ኣእዳወይ ሰዓመት። እንታይ ምኽኑ ናይ ፋንዋ ሰዕሞ ኩይኑ ክጥዕመኒ ጀሚሩ። እቲ ንኽትሕቁፈኒ ዝኸልከላ መደገፈ፡ 'ገለ ሸነኽና ምፍንታት ከም ዘድልዮዶ ክሕብረና ደልዩ'ዩ፡' ኢለ ሓሲቡ። ንፈለማ ግዜ፡ 'ካብ ሕቑፍኻ ኣርሕቅካ፡' 'መኣስ ደኣልካ ክትሕጕስ፡ ኪድ ግደፋ ፈዕ በል፡' 'ልቢ ሓሳዊት'ያ ሓቀነት ክውንነትካ ካብ ኣብ ካልእ ድለዮ፡ ህልም በል፡' 'እንተ ደለኻ ንበር፡ እንተ ደለኻ'ውን ሙት፡' ዝብል ሓሳብ ኣሕኮሓኒ። ክንዲ'ቲ ዝፈልጣ መጠን ዘይፈልጣ ኩይኑ ተሰሚዑኒ፡ ተጋይሸ በቃ።

"እንታይ ኳንና ሰቕ ኢልና፧"

"እንታይ ፈሊጠ ኢልክኒ፧"

"እንታይ ትሓስብ ኣለኻ፧"

"ዋላ ሓንቲ።"

"ዋላ ሓንትስ ኣይኩነን። እንታይ ትሕስብዶ ጠፊኡኒ።"

"እሞ እንታይ እሓስብ ትፈልጢ እንተ ኳንኪ እንታይ ዘሕትት ኣሎኪ ኣቲ ሸኮራና፧"

"ሸኮራና ከኣ ኢልካኒ፡ ከም ዝጸልኣ እናፈለጥካ። ኣሕሪቐካ ኣለኹ ማለት'ዩ። ሓቀኻ ኢኻ፡ ኣነ ብዘይ ብኣኻ ሰብ ከም ዘይከውን ትፈልጥ ኢኻ። ቃልሲ ነብሰይ በርቲዑኒ ኣሎ፡ ነዚ ትርድኦ እንዲኻ። እዚ ኮሉ ተሳሊና ኣብዚ በጺሕና፡ ናብ ከምዚ ስምዒት ክምለስ ኣነ ንባዕለይ ኣይተጸበኹን፡ በዚ ኣይትጽልኣኒ በጃኻ። ብጥበብ ኣተኣሊኻኒ ኢኻ፡ በቃ ክገድፎ'የ። ኣመና'የ ዘፍቅረካ።"

"ንነልያድ፡ ዳዊት ኳንካ ክትሰዕሮ እንተ ዘይክኢልካ፡ ነልያድ ኳንካ ክትገጥሞ'ዩ ዝሓይሸ።"

"እ... እንታይ ኢልካ፧"

"ዋላ ሓደ፡" ግንባራ ስዒመ ሓቕፈያ። ነዊሕ ኣብ ሓሳብ ኣትያ። ኣነ ግን ምሕሳብ ገዲፈዮ ነበርኩ። ሓሳባ ክትውድእ'ውን ገደፍኩዋ።

ክምስታ ንብዓተይ

- 23 መስከረም 2025

ወሓዚ ንብዓተይ፡ ከምቲ ንብዓት ሓርገጽ ዝብሉዎ ከም ዘይኩነ መቸም ባዕሉ እቲ ጻዕዳ ንብዓት ምስክረይ'ዩ። ዘውሕዞ ዘለኾ፡ "ተበዲለ ፍለጡለይ፡ ኣራግሙኒ፡" ንምባልሲ ኣይኩንን።

"እሞ ንምንታይ ደኣ!" እብል'ሞ፡ ንብዓተይ፡ ንብዓት መቐይሮ፡ ኣብ ቃለይ ንዘሎኒ እምነትን ሓቀኛ ባህጉን እቲ ሓቀኛ ምስክሩስ ባዕሉ'ቲ ፈጣሪ ንብዓት ዝኾነ፡ ባዕሉ'ውን ንንብዓት ካብ ዓይኒ ንኽውሕዝ ዝፈቐደ፡ ካብ ልብን ንልባዊ ለውጥን ኢሉ ክሳብ ዝኾነ'ዩ። ነዚ ኣሚነስ ድሮ ኣውሒዘ እነብዕ ኣለኹ! ደስ ደስ እናበለኒ።

ከምቲ ኣፍቂረን ዘይተረድኣለይን ኢለ ኣብ ሕሉፍ ዝነባዕኩዎ ሰነፍ ዝገበረኒ ንብዓት ዘይኩነስ፡ ንሕሉፍ ሕማቐ ዝኽርታተይ ከም ውሕጅ ጸራሪጉ፡ ፈትየ ድርዝ ኣብ ዘብሎ፡ ብሓድሽ ሓሳብን ወኒ ቅኑዕ ስነ ምግባርን ዝኸፍት፡ 'ንነብሰይ ብነብሰይ'፡ ዝእምንዮኡ ጻዕራምን ፈቃርን ወኒ ነብስኻ ምፍታው'ውን ዘእቱ ተስፋ ሓዘል ንብዓት'ዩ።

ቡቲ የኽመስምስ ቡቲ እነብዕ ኣለኹ። ንንስሓ ሓድሽ ህይወት መእተዊ ክኾነኒ ኢለ'የ። ሎሚ እናተተስፈኹ እነብዕ ኣለኹ፡ ደራዚቱ ድማ ኣነ ባዕለይ'የ።

ኣዜብ ገብረዝግኣብሄር

ሚቺሂኮ ሃቺያ ነባሪ ሆረሺማ



ክንወጽእ ክንስጉም ጀሚርና፡ ዕስራ ሰላሳ ስጉምቲ ምስ ከድኩ ደው ክብል ነይሩኒ። ትንፋስ እናሻዕ ይሓጽረኒ፡ ልበይ ህርመታ ይንህር፡ ከምኡ'ውን ኣብራኽይ ይጠልማኒ ነበራ። ምሉእ ብምሉእ ክቋጸጸረኒ ዝጓየ ዝነበረ ጽምኢ ጽቡቕ ገይሩ ሓዘኒ። ን'ያየኮ-ሳን' ማይ ክትረኽበላ እልምና ነበርኩ። ማይ ግን ብቐረባ ክርከብ ኣሸጋሪ ነበረ። ድሕሪ ገለ ደቓይቕ ዕረፍቲ፡ ቀሩብ ሓይሊ ረኸብኩ'ሞ ጉዕዞና ክንቕጽል ከኣልና።

ገና ብዕራቕይ'ኳ እንተ ነበርኩ፡ ቅንጣብ ሕፍረት ይሰምዓኒ ኣይነበረን። ግፍዒ ጥርሐይ ኣውጺኡኒ ከም ዘሎ ክሳዕ ዝርስዕ ተረቢሽ ነበርኩ። ናብ ሆስፒታል ኢና ንኸይድ ዝነበርና። ጉዕዞና ብቐስታ'ዩ ዝነበረ። መገዲና ክንቕጽል ብርቱዕ ድልየትን ህንጡይነትን ነበረኒ። መወዳእታኡ ኣብ ነብሰይ ዝንቐጸ ደም ምንቅስቓስ ከልኣኒ፡ ኣእጋረይ ነብሰይ ምስካም ኣበያኒ። ብዓልቲቤተይ ንባዕላ ብሕማቐ ተሃሪማ ነበረት። "በቃ ንስኺ ቀጽሊ፡" ብምባል ዘልሓጥኩ። ንሳ ክትሰምዓኒ ኣይደለየትን፡ ግን እንታይ ምርጫ ነበረና፡ ንሳ ክትቀጽል እሞ ሓገዝ ረኺባ ክትምለሰኒ ጥራይ'ዩ ዝነበራ።

ብ6 ጥቅምቲ 1945 ኣቶማዊ ቦምባ ኣብ ማእከል ኩተማ ሆረሺማ ምስ ዓለበ፡ ቺሂኮ ሃቺያ እተባህለ ሰራሕተኛ ሆስፒታል፡ ካብቲ ቦምባ ዝዓለበሉ ቦታ ሓደ ኪሎ ሜትሮን ፈረቓን ርሒቑ ኣብ ገዛኡ ተጋዲሙ ነበረ። ሓይሊ ናይቲ ቦምባ ንኽዳኑን የማናይ ወገን ኣካሉን ቀዳዲዱ ኣንደዶ። እዚ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ዳየሪ፡ ካብቲ ናይታ መዓልቲ ምስክርነቱ ዝሓዘ ዳየሪኡ ብ1955 ዘሕተሞ'ዩ።

10 ጥሪ 2015
ማይነፍሒ - 10 : 55 ቅ.ቐ. -

መፋለጢና ዘኪረ

ካብ ክፍሊ ወጺኡ ናብ ገዛ እናመጻእኩ ክሓስብ'የ ጸኒሐ። ስለምንታይ ትሓስቢ ኣይትብልኒ ዳየረይ። ክሓስብ ኢለ ኣይኩንኩን። ትም ኢሉ ምጽእ ኢሉኒ። ልዕሊ እቲ ንሽዱሽተ ወርሒ ዝተመላለስኩዎ ሓኪመይ ንኣኺ ምዕላል ይብርሃኒ፡ ይፎኾሰኒ'ውን። ክሳዕ እዛ ዝረኽበኪ ነታ ሓሳብ ከቋርጻ ደልየ፡ ግን ኣይኩነለይን። ቀድሚ ገለ ምኽነይ እንቋዕ ኣርኪብኩ።

ብማእከል ተር ዝበለ ሸባኻ እናሓለፍኩ እንከለኹ፡ ኣብ ማእከል ዝዓጉጉ ተመሃሮ ኳንና ዝተጻወትናዮ ተዘኪሩኒ። ምስኡ ከኣ ክዝክሮ ዘይደለኹ ሰብ ኣብ ሓሳበይ መጺኡ። ክልተና ናይ ኮዕሶ መርበብ ተጻወትቲ ኢና ነይርና። ኣበይ ከም ዝተላለና ክዝክር ክሳዕ ዘይክእል ድየ ኩይነ



ዳየረይ...፧ ሕጂ እጥፂ ኣለኹ ማለት ድዩ፧ እወ እታ መጀመርታ ዝተላለናላ ኣብ ሚዳ ኮዕሶ መርበብ ቤት ትምህርቲና እዩ።

ኣብ ልምምድ ኮሉና ኣወዳትን ኣዋልድን ብሓደ ሰለ ንለማመድ ክንፋለጥ ዕድል ረኺብና። ንሓድሕድና ኣዚና ሰለ ኣንፋቶ ከኣ ከም ኮሎም ኣሚነዮ እስሕቀን እጻወቶን ነይረ። ንቃለስ፡ ንደንዶግ፡ ንንየ፡ ... ልሙድ ባህሪ ዝተጠርነፉ ተጻወትቲ እዩ። ንሱ ግን ክፉእ ናይ ክፉኣት። ብዓል ሕማቐ ግብሪ ይሁዳ በቃ! ክኣምኖ ኣይነበረንን፡ ክጻወቶ ኣይነበረንን፡ ከመይ ገይረ'ሞ ከምኡ ኽሓስብ እኽእል። ካብ ኮሉና'ሞ መን'ያ ከምኡ ኢላ ክትሓብ ትኽእል፡ ዳየሪየይ ርእሰይ እሕመኒ ኣሎ ....

ዲና ሳሙኤል

ሞቀለይ

- 27 ሓምለ 2026

"ኣዳም ማለት ድንቂ ማለት እዩ፡" ንትብል ዘረባ ሚእቲ ካብ ሚእቲ ከም ዝሰማምዓላ ዝገብረኒ ኣዳም ምስ ኣፍቀርኩ እዩ፡ ጽባቐ ኣዳም ኣብቲ ብንጉስ ፍቕሪ ዝምስሎ ኣዳመይ ዝርኣኹዎ። መሐንቀቕየይ፡ ሊጋስ፡ ዓቃል፡ ዘይውዳእ ጽባቐ ዝውን፡ ንኣይ ንኹሕጉስ ዝተፈጥረን ኣዳመይ።

"ኮሉ ግዜ ኣብ ዙረት ደመይ ኣለኺ፡ ወትሩ'የ ዝዝክረኪ፡" እናኽብለኒ፡ እንተ ሓሰብካዮኺ ካብ ፍንጫሕ መሰንገልካ ዝተፈጠርኩ ደጋፊትካ ንኽኸውን ፈጣሪ ዝሓረየኒ፡ ምቑቱይ ባህታ ዝፈጥረሉ፡ ኣነ ኣብ ዘይብሉ ዝቑርር ፍጡርዶ ኣይኩንካን፧ ሰብ ሓደ ኮኾብ ብዘይ ድምጺ ተረዳዲእና ድዩ ዝበለ ኣብርሃም ኣፈወርቂ፡ ግድን ንስኻ ድማ ምቃልካ ክሳዕ ዝኹንኩ፡ ንስኻ ብኣይ ኣነ ድማ ብኣኻ ምሕሳብ ኣይንገድፍን ኢና።

ኣርሞር (ሳማራ)

ስፖርት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

ጋንታ መንእሰያት ኦሎምፒክ ኤርትራ ተመሊሰ

ኣብ ሳልሳይ ዓለማዊ ውድድር ኦሊምፒክ መንእሰያት 2026 ተካይፋ ኣንጸባሪቑ ዓወት ብምምዝጋብ ተሸለምቲ ክልተ ሜዳልያታት ዝኾነት ሃገራዊት ጋንታ መንእሰያት ኦሊምፒክ ኤርትራ ሰኑይ 16 ሕዳር 2026 ተመሊሳ።

እታ ሃገራዊት ጋንታ ኣህጉራዊ መሳርፎ ሄፈርቲ ኣለምራ ኣብ ዝበጽሓትሉ ሳዕለምት ሓፍቲ ኮሚቴ ኦሊምፒክን ፊደረሽን ኣትሌቲክስ ኤርትራን ሰፊሕ ዕንባብ ብምብርኻት ምወቕ ኣቀባብላ ገይርያ። ዝበረ እታ ጋንታ ደማ ኣብ ሆቴል ኣለምራ ፓኣኔ ናይ ምቕባልን ናይ ምኽኽ እግሮታትን ተገይሩ።

ኣቡዚ ኢጋጣሚ ፕረዚደንት ሃገራዊ ኮሚቴ ኦሊምፒክ ኤርትራ ኣቶ ሚኽኤል ተኽለሚካኤል ኣብ ዘንመየ ቃል ኪዳንን ኣልዮትን ኣቡዚ ዓለማዊ መድረኽ ንዘበረ ቡጹ ክሊማ ተጻዊርም ዘመዘቡዎም ብሉጽ ዓወት፡ ኣብ ዓውዲ ኣትሊቲክስ ዘሎ ዕቑር ዓቕሚ ተኣኪቲ ዘርኢየ ምንባሩ ብምሕጽጽ የሃንኡ ገለጸ።

ኣልጳጧ ኢሳያስ ኣሰፋው ብየጋይኡ ሳላ እቲ ብኽሉም ኣህጉት ዝተገበረ ቀድመ ምድላዋትን ጽፉፍ ውዳቤ እቲ ዓወት ነፍሪ ዝተመዝገበ ብምዮቃኔ ነቲ ዓወት ክወን ዝገበሩ ኣትሊታት ዝርኣየዎ ሓቦ መኪሱ። ኣብ ኮሚሽን ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሓላፊ ምክትታል ኮሚቴታት ኦሊምፒክ፣ ፓራኦሊምፒክን ሃገራውያን ፊደረሽናት ስፖርትን ከሉቄል ሰሎሞን ሰዩም ብወኸሩ ኣብቲ ዓለማዊ ውድድር ዝሃነፉ ኣትሊታት ንኤርትራ ኣብ ተርታ እተን ብምዕልያታት ዘበጸ ዕወታት ሃገራት ክነጥሪ ብምብቅዓምኒ ንዝረባ ዘለዎ ኣቀባብላ ገይሩሎም።

ኣቦ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሓሊፉ ምንዋይ ገብረኣብ ቀዳመ ምድላዋትን ጽፉፍ ውዳቤ እቲ ዓወት ነፍሪ ዝተመዝገበ ብምዮቃኔ ነቲ ዓወት ክወን ዝገበሩ ኣትሊታት ዝርኣየዎ ሓቦ መኪሱ። ኣብ ኮሚሽነር ባህልን ስፖርትን ኤርትራ ሓሊፉ ምንዋይ ገብረኣብ ቀዳመ ምድላዋትን ጽፉፍ ውዳቤ እቲ ዓወት ነፍሪ ዝተመዝገበ ብምዮቃኔ ነቲ ዓወት ክወን ዝገበሩ ኣትሊታት ዝርኣየዎ ሓቦ መኪሱ።



ዝሃርን ህዙብን ዜጋታት ምዃኑ ገለጸ። ወሲኹ ድማ ነቲ ተካኢቲ መንእሰያት ኣብ ቅድሚኡም ንዘጸንዋዎም ውድድራት ኖጵማይ ንምሽላዕ ትጽቢት ነምዮሎር ብምዮቃኔ ኣቦ ከሉ ገዛዛኡም ዘድሊ መናርን ምትብባዝን ከሉም ኣኽሊ ስፖርት ነፃማዘያናዎም ሓቢሩ።

ጋንታ ኦሊምፒክ መንእሰያት ኤርትራ ኣቡዚ ካብ 31 ጥቅምቲ ክሳብ 14 ሕዳር 2026 ኣብ ቆፎ ሴኔጋል ዝተናየደ ዓለማዊ ውድድር ኦሊምፒክ መንእሰያት፡ ኣብ 800 ሜትሮ ብኣትሌት ገብረኣብ የናስ - ብዜሩ፡ ኣብ 1500 ሜትር ብኣትሌት ካፍሪ ተኽለማርያም - ኑሓስ መዳልያ ክትኽስም እኽሎ ኣብ 3000 ሜትር ድማ ብኣትሌት ሳሙኤል ንብሰ ናይ ራብዓይ ደረጃ ብለጸ ወጽኢት ምምዝጋብ ይፍሰጡ።

ተሰነይ - ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ተዛዚሙ

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ብምኽንያት ሻምፕዮን ቅድድም ብቩስለታ ንኡርባዕተ ሰናብቲ ነቡደድ ዝቐጸለ ውድድር ተዘሚሙ።

ኣቦ መዝር ፊደረሽን ቅድድም ብቩስለታ ንኡስ ዞባ ተሰነይ ኣቶ ብርሃነ ሰዩም ኣብ ዘንመየ ቃልኡ እቲ ብሓመሽቱ ደሺሽናት ነቡደድ ዝቐጸለ ውድድር ብወዕወዕ መንፈስ ነም ዝተኻየደ ብምዮቃኔ ውዳ ቡቲ ኣልጳጧ ነምዝተሳህለ ኣረጋጊጹ። ኣሸሮ ኣየቧቡ ወዳ ካብ ሃገራዊ ማሞክ ጥሮታ ምወዳኦኡ ጸበጮቕ ነምዝተሳህለ መንዛኣኡ መግለጺ ኣቡዚ ውድድር ልዑል እጃም ንዝተዋጽኡ መንእሰያውያን ኣኽሊን ውልቀ ሰበትን ኣመስጊነ።

ኣብ መዘርዚ ናይ'ቲ ውድድር፡ ኣብ ቀዳማይ ደሺሽን ዳሮት ባህታ ዓባይ ዋንጫን ወርቂ መዳልያ፣ ጸንዮት ምሃኖ ሚኽኤይ'ቲ ዋንጫን ብዙር መዳልያን ነምኡ'ውን ሲረክ ንይትኦም ንኽሸዩይ ዋንጫን ኑሓስ መዳልያን ብምሸም ቀዳማት ሰለኡ'ቲ ኮይኖም ተዓዊቶም።

ቀጺሎም ውድድሮም ኣብ ዘቐዩ ካልኣይ ደሺሽን ዝተረኽበ ወጽኢት ድማ ዳሮት የወሃአ ቀዳማይ፡ ሳሙኤል ተኽፍልያት ካልኣይ ነምኡ'ውን ዩኤል ዳሮት ሳልሳይ ዕዉታት ክሸኹ ከለዉ፡ ኣብ ሳልሳይ ደሺሽን መሉጊታ ንብረመደህን ቀዳማይ፡ ጸንዮት ሰለሰ ደሺሽናት ንኽሸዩ ከለዉ፡ ኣብ ሳልሳይ ደሺሽን ፍትሓዊ የወሃአ ካብ ካልኣይ ደሺሽን መርዋን ዓወት፡ ካብ ሳልሳይ ደሺሽን ጸንዮት ሰለሰ ወርቂ መዳልያ ክሸሙ ከለዉ፡ ኣብ ዓመተ 2026 ብደረጃ ዞባን ንኡስ ዞባን ብሉጽነት ተጻውኦቲ ንዘኾኑ ተቐዳዳማይ ዳሮት ባህታን ዩኤል ዳሮትን ንሸናሲ ወሰፎም ዓባይቲ ዋናጩ ተገዚምም። ነምኡ'ውን ካብ ሰለኡ'ኡ ደሺሽናት ብሉጽ ጠባይ ዝገጸቦቒቑ ተቐዳደማቲ ኣብል ተሰፋልያት፡ ኤልያም ኣማኤል፡ ሄርሞን ዳንኤል ካብ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ሸልማት ተዓዲሙ።



ሮበርትሶን ኣብ ወጣሪ ውጽኢት ሓድሽ ክብረ ወሰን ሒዙ

ስኮትላንድ ኣብ ግጥም ሄሸኣ ሊግ ብስዋንሪንድ ብጠፈሓ 4ብ0 ድሕሪ ምህዝሩ ሓለቓ ጋንታኣ ኣንዲ ርበርትሰን ቡቲ ወጽኢት ኦመና ነምዝተቐጠዐ ብምዮጽ፡ ነቲ ከቲታት ንምቕያር ወይ ንምጽዋር እኽል ግዜ ነም ዘይብሉም ኣረጋኢ። ርበርትሰን ጋንታኣም ንቐድሚት ትሰርመሉ መንገዲ ክብሩዲ ነም ዘለዋ ብማትሕስኑቡ ሓድሽ ክብረ ወሰን ኣብ ዘጽሓፈሉ ጸወታ ዝሰፍር ወጽኢት ምምዝጋብ ነም ዘቐጠየ ኣተንዝሀ። ርበርትሰን ኣቡዚ ጸወታ ኣብ ታሪኽ ሃገራዊት ጋንታ ስኮትላንድ ብ103 ዝዝዘሐ ኣህጉራዊ ጸወታታት ዙዘደ ብምዃን ክብረ ወሰን ክሕዝኽ እንተ ኾኣሉ ቡቲ ወጽኢት ሜና ፀገብ ነም ዘደነቅ ብምዮጽ፡ ንዘተፈራረቐ ስሜታት ናይ'ቲ ኢጋጣሚ ንምዮጹ ነም ዝኾበዶ ተሓብሩ።



ስኮትላንድ በዚ ወጽኢት ኣብ ጉጅለ ክልተ ምስ ዝምደባ ሃገራት መባል ሳልሳይ ደረጃ ክትሕዝ ኣጋይዱዋ ኣለ። ሰብኡቲያ ባሎኛ ኣብ ወርሒ ኑሓስ መዝሙት ናይዛ ጋንታ ካብ ገቐባል ንደሓር፡ ንቐድሚት ዘየቕዕ ስልታዊ ስትራተጂ ብምሕንጻጽ ክሸርሕኽ እንተ ጸንሐ ብዘይካ ኣብ ክልተ ግጥምት ናይ'ዚ ሊግ ዓወት ኮመዞንብ ኣደኣሊኡ። በዚ (ብስዋንሪንድ) ዝወረዶ ስዕረት ድማ ኣብ ነብድ ወጥሪ ምህላዉ ይሕብር።

ጀሱስ ንርእይቶ ኣደ ሮናልዶ ምላሽ ሂቡ

ኣልጳጧ ሃገራዊት ጋንታ ፖርቱጋል ጆርጅ ጀሱስ ኣደ ክረስቲኖኖ ሮናልዶ ዶሎረስ ኣቬሮ ወዳ ክረስቲኖኖ ብኦልጳጧ ጀሱስ ተታሊሉ ክትብል ንዘለዩ መግለጺ ምላሽ ሂቡ።

ኣደ ሮናልዶ ዝሓለፈ ሰንበት ኣብ ግጥም ሄሸኣ ሊግ - ፖርቱጋል ንደሚኽክ ዓይነማ 4ብ1 ዝተሳዕረትሉ ጸወታ ምርኽኽ ብምግባር ኣብ ዝጸቡ መግለጺ፡ ጀሱስ እቲ ስዕረት ነም ዝገበኡ ብምዮቃኔ ወዳ ቡቲ ኣልጳጧ ነምዝተታህለ ኣረጋኢ። ኣቬሮ ኣየቧቡ ወዳ ካብ ሃገራዊ ማሞክ ጥሮታ ምወጽኡ ጸበጮቕ ነምዝተሳህለ መንዛኣኡ መግለጺ ሂቡ።

ኩሉም ተጻወትቲ ፖርቱጋል ንኡዝዞ ሮናልዶ ዋላኺ ቀጽሪ 7 ማልያ ለበሰም ናብ ሜዳ እንተ ኣተወ፡ ልዕሊ'ቲ ኾንክሱ ዝገበርዎ ትርኢት ሜና፡ ቡቲ ዘሕፍር ወጽኢት ዘመዝገበሉ ኩነት ክዘክር ባይታ ብምኽፋየም ዝኾፍኡ ኣዝረቢ ዛዕባ ፈጠርያሉ።

ኣልጳጧ ጀሱስ ንርእይቶ ኣደ ሮናልዶ ኣመልኪቱ ትሟል ሰለስ ጋንታኡ ምስ ዌልስ ቅድሚ ምምጥማ ኣብ ዝዘሎ ምሳኹ "ነም ኣደ መጠን ኣብ ልዕሊኣ ዘሎ ክብሪ ኣብ ቦትኡ ክህሉ'የ ዘደልየ። ኣሸሮ ደቃ ንምዕባይ ብዙሕ ተጻቕያ'ዩ። ብዘዕባ ንምውዳኡ ጥሮታ ሮናልዶ መልሲ ክህባ ድማ ግድንዩ። ሮናልዶ ተራ ተጻዋታይ ኣደኣኹ። ብዘዕባ ጥሮታ ብዙሕ ሕቶታት ክመጽኡሂ እዩ። ኣህውን ክሳብ ዘለኹ ክምልስ ክውሰንዮ። እቲ ሕቶ ሜና ኣብ ኣሸሮ ዘደኣሰ ካፕቴንም ይመጽኡሂ ብምህላው፡ ናብ ካልኣይ፡ ኣብል ንብረሰላሰ ድማ ሳልሳይ ብምኻን ዝዘዳለወሉም ዋናጩን መዳልያታትን ተቐብሉም።

ኣቦ ሪብዮይ ዲሸሸን ቀዳማይ ሚልክዮስ እዝራ፡ ካልኣይ ለዊ ሕሩይ፡ ሳልሳይ ሄኖክ ብዙኽ ብምዕዋት ዋናጩን መዳልያን ክሳብ ኣህጉራዊ ማሞክ ጥሮታ ዓመት 2030 ዝቅጸል ውሳነ ምኻኑ ድማ እዩ ዝገበሮ። ጀሱስ ኣብ ዝዛለፉ ማሞክ ስዕረት ነዊመገበ ክብዳዘ ድሕሪ ምጽናሕ እዩ ብጀሚኽ ኣብ ሃዱ ፈለማን ገፈሕ ስዕረትን ዝገጥሞ ዘሎ።



ራይስ ምስ ኣርሰናል ተሰማሚዑ



ናይ ማኽክል ኣሽፋላይ ኣርሰናል ዴክለን ራይሰ ምስታ ክሳብ ንዋይሕ ዘጽንሐ ሓድሽ ውዕል ንምፍራም፡ ኣፈናዊ ሰምንዕ ነም ዘቐደ ተሓብሩ። ራይሰ ቡቲ ዝበጽሖ ሰምንዕ ምስቲ ኣብ ኣርሰናል ዝዕዕለ መሪ ዝኾፈል ቦዑ ሳዕ ክመጻረረ እዩ። ኣርሰናል በዚ ሰምንዕ ኣብላ ጉሓደ ካብዞም ቀንዲን ኣገደስቲን ተጻወትታ ንዋይስ እዋን ኣብ መሳርዓ ንምጽናሕ ዘርኣዩዎ ድሉት ኮይኑ ተመዝጊቡ ኣሎ። ራይሰ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ጋንታኡ ጸዋኡ ፕሪመር ሊግ ምስ ተዓወትት፡ ኣብ ኣርሰናል ዝበጸጸ ተጻዋታይ ናይ'ቲ ዓመት ኮይኑ ምሸሞሙ ይዝክር።

እዚ ወዲ 27 ዓመት ኣሽፋላይ ኣብ 2023 ዝኾበረ ተጻዋታይ ኣርሰናል ብምዃን ብ105 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ዌስትሃም ናብ ኣርሰናል ድሕሪ ምኪንዱ፡ ኣርቴታ ኣብ ራይሰ ብምምርኻስ ብልጽቲ ጋንታ ክሃንጽ ነም ዝሓገዘ ዲሕብር። ኣርሰናል ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ ክትዓትር ልዑል ኣስተዋጽኦ ዝበረ ራይሰ ምህዝ ጋንታ ንሸሸነ ዓመት ክጸንሕ ነምዝኾኽል ይገብር። "ኣነ ወትሩ ዕላማታት ብምቕማጥ ንቐድሚት ክበገም ዝጽዕር ተጻዋታይ እየ። ኣብዚን ዝጽናሕሉን ክሸዅ'ውን ዝ. ኮተግብሮ ዝኽትዩ። ኣብ ነም ኣርሰናል ዝሓጣሸሽ ክሸዅ ምህዝ ናይ'ዚ ሊግ ዓወት ኮመዞንብ ኣደኣሊኡ። በዚ (ብስዋንሪንድ) ዝወረዶ ስዕረት ድማ ኣብ ነብድ ወጥሪ ምህዝ ይፍሰጡ።

ቪኒሰስ ሃትሪክ ሰሪሑ

ብምጉዳል ብቐዳት ክሕመ ዝጸንሐ ናይ ክንዴ ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ብራዚላዊ ጃኔር ቪኒሰስ፡ ኣብቲ ሃዱ ምስ ሲንጋፖር ዙዘደደ ናይ ምሕሸት ጸወታ ዦትኽ ብምስራሕ ናብ ጸንሮቕ ቁመና ነም ዝተመልሰ ይንገር ኣሉ። ቪኒሰስ ሃዱ ብራዚል ንሲንጋፖር 7ብ0 ኣብ ዝዕዳረጉሉ ዘመዝዝን ሰለኡ'ቲ ሹዮታትን ሓንቲ ቀረብ ሹዮን ተሓገዘዩ ብሉጽ ተጻዋታይ ክሰመ ክኢሉ ዘሎ።

ኣብ ሃገራዊት ጋንታ ብራዚል ኣብ ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመታት ድሕሪ'ቲ ነይማር ኣብ 2022 ዋንጫ ዓለም ዦትኽ ዝሰርሓሉ ግዜ ሸንሰስ እዩ ንሬልማ ግዜ ዦትኽ ዝሰርሕ ዘሎ።



ብራዚል ዝ. ደሙቕ ዓወት ተመዝዮብ ዘላ ድሕሪ'ቲ ቀዳም ብፔፓን 3ብ2 ምስዮራ ኮይኑ ትግሊ ሰለስ ኣብ ልዕሊ ሲንጋፖር ብበሬሕ ምሸዋታ ደማ ንእሽሪታ መደበኽታ ገይሪትሉ። ሸንሰስ ምስ ሃገራዊት ጋንትኡ ብምዃን ናይ ፊልማ ዦትኽ ዝሰርሓላ ማሞም ኮይና ድማ ተመዝዮቡትሉ ኣሎ። ሸንሰስ ዦትኽ ንኽሸርሕ 20 ደቓይቕ ጥሪይ እዩ ወሲዱሉ።

ዜና ዓለም

ማርታ ክብሮም

ዩክሬን፡ ምስ ኣመሪካ ዝርርብ ተካይድ

ዩክሬን፡ ብጉዳይ እቲ ምስ ሩሲያ እተካይዶ ዘላ ደማዊ ኲናት ኣመልኪታ፡ ምስ ሰብ መዚ ኣመሪካን ኤውሮጳን ሓድሽ ዝርርብ ስላም ከም ዝቐደደት ኣፍሊጣ።

ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ፡ ምስ ልኡኻት ኣመሪካ ስቲቭ ዊትኮፍን ጃረድ ኩሽነርን ከምኡ'ውን ምስ ወከልቲ መንግስታት ኤውሮጳ ብምግዛ ዝቐደዶ ዝርርብ ስላም ቀሊል ከም ዘይነበረ ገሊጹ።

ኣብቲ ዝርርብ፡ ወከልቲ መንግስታት ፈረንሳ፡ ጀርመን፡ ብሪጣንያ፡ ኢጣልያን ፖላንድን ከም እተሳተፉ ዝጠቐሰ ዘለንስኪ፡ ኣብ ዝመጽእ ምስ ሰብ መዚ ሩሲያ ኣብ ዝግበር ርክብ'ውን ከም ዝሳተፉ ሓቢሩ።

ፕረዚደንት ዘለንስኪ ኣብ መግለጺኡ፡ "ነቲ ኲናት ደው ንምባል፡ ልዑል ዲፕሎማስያዊ ጻዕርታት ይካየድ ኣሎ።



እዚ ጻዕርታት ከንቱ ኮይኑ ከይተርፍ ከኣ ተስፋ ንገብር" ኢሉ።

ድሕሪ'ቲ ዝርርብ፡ ከንቲባ ከተማ ኪየቭ (ርእሰ ከተማ ዩክሬን) ቪታሊ ክሊችኮ፡ ኣብታ ከተማ ዝርከቡ ክልተ ዓበይቲ ድልድላት ብደብዳብ ሩሲያ ከም እተዛርሙ ገሊጹ።

ከም መልሰ ግብሪ ናይ'ቲ መጥቃዕቲ ዩክሬን እውን ምስ ሩሲያ ዝራኸብ ድልድል ከም ዘዕነወት ኣፍሊጣ።

ሚኒስትሪ ምክልኻል ሩሲያ ብወገኑ፡ እቲ ብሰሉይ ምሸት ኣብ ግዝኣታት ሩሲያ ዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ድሮን፡ ኲናት ክልተአን ሃገራት ኣብ 2022 ካብ ዝጅመር ንደሓር እቲ ዝዓበየ ኣብ ሩሲያ ዝተኻየደ መጥቃዕቲ ምዃኑ ገሊጹ።

ካብ'ተን ከጥቅዓ ናብ ሩሲያ ዝኣተዋ ድሮናት፡ ልዕሊ 200 ከም ዘርዓነ'ውን እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ሓቢሩ።

ኣፈኛ ፕረዚደንት ሩሲያ ድሚትሪ ፐስኮቭ ድማ፡ ሩሲያ ምስ ዩክሬን ግዜያዊ ስምምዕ ምቁራጽ ተኹሲ ዘይኮነ፡ ነባሪ ስምምዕ ሰላም ክትገብር ከም እትደሊ ኣሕሲሩ።

ነባሪ ስምምዕ ሰላም፡ ንዩክሬን ካብ በሰላታት ኲናት ክትወጽእ ዝሕግዝ ምዃኑ'ውን እቲ ኣፈኛ ወሲኹ ኣረዲኡ።

ፕረዚደንት ትራምፕ ብወገኑ፡ ብዛዕባ እቲ ኣብ መንጎ ክልተአን ሃገራት ክህሉ ዝድለ ዘሎ ስምምዕ ሰላም ኣመልኪቱ ምስ መራሕቲ ቻይናን ሩሲያን ኣብ ቻይና ክዘራረብ ምዃኑ ሓቢሩ'ሎ።

ባሕሬን፡ ንመጥቃዕቲ ኢራን ተበርዕን

ኣህጉራውያ ጸረ ኒፈርቲ ባሕሬን ካብ ኢራን ከም ዝተበገሰት ንዝገለጸቶ ድሮን ወቒያም ከም ዘውደቑዋ ገሊጾም።

ሓለዋ ሰውራ ኢራን ብወገኑ፡ ኣብ ባሕሬን ተደኲኑ ንዝርከብ ስርዓት ራዳር ኣመሪካ ዒላማ ዝገበረ ሸዱሽተ መጥቃዕቲ ናይ ድሮን ከም ዝቐደደ ሓቢሩ።

ሓለዋ ሰውራ ኢራን ወሲኹ፡ እቲ መጥቃዕቲ ኣካል ናይቲ ኣመሪካ ኣብቲ ዞባ ንትገብሮ ዘላ ወተሃደራዊ ንጥፈታት ንምልማስ ዝወሰዶ ዘሎ ስጉምትታት ምዃኑ ገሊጹ።

ሚኒስትሪ ወሽጣዊ ጉዳያት ባሕሬን፡ ናብ ህዝቢ ናይ ማጠንቀቕታ መልእኽቲ ድሕሪ ምትሕልላፉ እቲ መጥቃዕቲ ከም እተፈጸመን፡ ኣብ ልዕሊ ህይወት ሰብ ዝበጽሐ ጉድኣት ከም ዘየወረደን ኣረጋጊጹ።

ድሕሪ'ቲ መጥቃዕቲ፡ ህዝቢ ኣብ ኩሉ ንጥፈታቱ ጥንቃቐ ክገብር ድማ እቲ ሚኒስትሪ ኣተሓሳሰበ።

ሓለዋ ሰውራ ኢራን ንስርዓት ራዳር ኣመሪካ ዒላማ ዝገበረ መጥቃዕቲ ከም ዝቐደደ እኳ እንተ ገለጸ ሰራዊት ኣመሪካ ግን ኣብ ልዕሊ እቲ ስርዓት ራዳር ዝኾነ መጥቃዕቲ ከም ዘይተፈጸመ እዩ ዝምጉት ዘሎ።



ባሕሬን ኣብ መንጎ ኣመሪካን ኢራንን ተፈጢሩ ዘሎ ወተሃደራዊ ወጥሪ ናብ ዳግማይ ኲናት ከየምርሕ ልዑል ስግኣት ሰፊኑ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ጸጥታዊ ኲነታታ ኣብ ኣስካፊ ደረጃ በጺሑ ከም ዘሎ እዩ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ዘመልከተ።

ባንግላድሽ - ፖሊስ ምስ ሰልፈኛታት ተጋጪዮም

ፖሊስ ባንግላደሽ ዘንብዕ ጋዝ ተጠቒሙ ኣብ ልዕሊ ናይ ደሞዝ ወሰኽ ንምሕታት ሰልፊ ዘካይዱ ዘለዉ ብኣሽሓት ዝቝጸሩ ሰራሕተኛታት ናይታ ሃገር መጥቃዕቲ ከም ዝፈጸመ፡ ሰብ መዚ ባንግላደሽ ሓቢሮም።

እቶም ሰልፈኛታት፡ ተወጢኑ ዝነበረ ንደሞዝ ዝምልከት ናይ ቦርድ ኣኼባ ዝይተወሰነ እዋን ከም እተሰጋገረ ድሕሪ ምግላጹ ናዕቢ ከም ዝጀመሩ'ውን እቶም ሰብ መዚ ወሲኾም ገሊጾም።

ሰልፈኛታት ትማሊ ሰሉስ ብዙሓት መካይን ከም ዘቃጸሉን ኣብ ዳካ - ርእሰ ከተማ ባንግላደሽ ንዝርከብ ዓቢ ጽርግያ'ውን ከም ዝዓጸውዎን፡ መርበብ ሓበሬታ ኣልጀዚራ ኣመልኪቱ።

ባንግላደሽ፡ ድሕሪ ቻይና ካልኣይቲ ዝዓበየት ንሰደድ ዝውዕለ ኣጭርቕቲ እተፍሪ ሃገር ምዃና እዩ ዝንገረሉ።

እንተኾነ ካብ ዝሓለፈ ወርሒ ኣትሒዙ ኣብታ ሃገር ብሰንኪ ሕቶ ወሰኽ መሃያ እናሓደለ ዝኸይድ ዘሎ ናዕቢ ሰራሕተኛታት፡ ነቲ ዓመታዊ 38 ቢልዮን ዶላር ኣታውን ልዕሊ ኣርባዕተ ሚልዮን ሰራሕተኛታትን ዘለዎ ኢንዱስትሪታት ክዳውንቲ ብኣሉታ ጸልዩዎ ከም ዝርከብ እያም ጸብጻባት ናይታ ሃገር ዝጠቕሱ።

ከም ሳዕቤኑ ድማ ኣብታ ሃገር ካብ ዘለዋ 4,500 ፋብሪካታት ኣጭርቕቲ፡ እተን ኣስታት 500 ስርሐን ደው ክብላ ተገዲደን ከም ዘለዋ፡ እቶም ጸብጻባት ወሲኾም ኣመልኪቶም።



የመን - ሓይልታት መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ሑቲ ልዕሊ 600 መጥቃዕቲ የካይዱ

ሰራዊት የመን፡ ኪኣቶ ዕጡቓት ሑቲ ደው ንምባል ዝቐንዐ መጥቃዕትታት ኣብ ዘካይደሉ ዘሎ ግዜ ዝሓለፈ ሰንበት (ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት) ጥራይ ኣብ ዝተፈላለዩ ግንባራት 661 መጥቃዕትታት ከም ዝፈጸመ ገሊጹ።

በቲ መጥቃዕትታት ኣስታት 173 ዕጡቓት ሑቲ ከም ዝተቐትሉን ዝቖሰሉን ድማ እቲ ሰራዊት ወሲኹ ሓቢሩ።

ኣፈኛ ሰራዊት የመን ኮሎኔል ማጀድ ኣል ኑዛይሊ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ ሓይልታት መንግስቲ ነቲ መጥቃዕቲ ብመዳፍዕ ድሮናትን ካልእ ኣጽዋርን ተሓጊዞም የካይዱዎ ከም ዘለዉ ኣረዲኡ።

ብዘይካ'ዚ፡ በቲ መጥቃዕትታት ኣስታት 71 ወተሃደራውያን ተሽከርከርቲ፡ መኣዝዚ ኾቀጣታትን ደፋዓትን ሑቲ ከም ዝዓነወ ሓቢሩ።

ሰራዊት የመን ዕላማታቱ ክሳብ ዘውቅዕ መጥቃዕቱ ክቕጽል ምዃኑ ዝገለጸ እቲ ኣፈኛ፡ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝብን መንበሪ ኣባይትን ጉድኣት ከየብጽሕ ጥንቃቐ ክግበር ምዃኑ'ውን ኣፍሊጡ።

እንተኾነ ዕጡቓት ሑቲ ካብ ዓደን ንቐይሕ ባሕሪ ዝራኸብ መስመር ድሕሪ ምብታኾም፡ ሰራዊት የመን ተቖጻጺሩዎ ንዝጸንሐ ሓያሎ ቦታታት ጉዲፉ ከንሳሕብ ተገዲዱ ምህላዉ'ዩ ዝገለጽ ዘሎ።



ኮንጎ - ለበዳ ኢቦላ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ይበጽሕ

ኣብ ደሞክራስያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ለበዳ ኢቦላ ካብ ዝኸሰት ሸዱሽተ ወርሒ ኣቑጺሩ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ እቲ ለበዳ ካብ ቁጽጽር ወጺኡ ኮይኑ ምህላዉን ቁጽሪ መልከፍትን ሞትን ደማ መዓልታዊ ይውሰኽ ከም ዘሎን ሚኒስትሪ ጥዕና ናይታ ሃገር ሓቢሩ።

ሕጽረት ሕክምናዊ መሳርሒታትን ድኹም ስርዓት ምሕደራን ነቲ ለበዳ ንምግታእ ኣብ ዝግበር ጻዕርታት ዕንቅፋት ኮይኑ ከም ዘሎ'ውን እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ ገሊጹ።

ሰብ መዚ ሕብረት ሃገራት ብወገኖም፡ ኣብታ ሃገር ዘሎ ጸጥታዊ ዘይምርግጋእ ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ ሰራሕተኛታት ትካላት ጥዕና ዝቐደድ ዘሎ ተደጋጋሚ መጥቃዕትታት፡ ኣብ ምግታእ ናይቲ ለበዳ ዓቢ ብድሆ ኮይኑ ምህላዉ ኣረዲኦም።

ጸብጻብ መንግስቲ ኮንጎ እውን ኢቦላ ዝሓለፈ 15 ግንቦት ካብ ዝኸሰተ ንደሓር ዛጊት ልዕሊ 11,000 ሰባት በቲ ቫይረስ ክልከፉ ከለዉ፡ ልዕሊ 5,500 ድማ ከም ዝሞቱ የረድእ።

እቲ 'ቡንዲቡግዮ' ብዝብሃል ዓይነት ቫይረስ ኢቦላ ዝኸሰተ ለበዳ፡ ብደረጃ ዓለም ካልኣይ ዝዓበየ ቀታሊ ለበዳ ኮይኑ ከም ዘሎ'ዩ ዝንገረሉ።

ብመሰረት ውድብ ጥዕና ዓለም፡ እቲ ካብ 2014 ክሳብ 2016 ኣብ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ ዝተራእየ ንኣስታት 29 ሽሕ ሰባት ዝለኸፈን ንልዕሊ 11 ሽሕ ሰባት ዝቐተለን ሕማም ኢቦላ፡ ቀዳማይ ቀታሊ ለበዳ ኮይኑ ተመዝጊቡ ደርኩቡ።



ተረኛ ፋርማሲ	ዕለት	ጎደና	ቊ.ስልኪ
ፋርማሲ ዳሉል	18/11/2026	ጎደና ሓርነት ቊ.158፡ፊት ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ	125266

ፋርማሲ ቊ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቊ.ቴሌፎን 127565